# ንምጥቃም ግላዊ ሓበሬታ ዘፍቅድ ናይ ስምምዕ ፎርም

እዚ ፎርም እዚ ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ንምስልሳል ኣገደስቲ ዝኾኑ ተነቀፍትን ካልኦት ሓበሬታታትን ምሳኻ ብሓባር ንምልላይ ዝዓለመ እዩ።

| |
|---|
| ንስደተኛታት ዝወሃብ ናይ ማሕበራዊ ደገፍ |

ነዚ ፎርም ብምፍራም፣ ነቲ ማሕበር Humanitas ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ንኽጥቀመሎም ትፈቅድ ኣለኻ፡

**ሀ. መወከሲ ሓበሬታታት፡**

ስም

ጾታ

ዕለተ ልደት

ኣድራሻ

ናይ ፖስጣ ኮድን ከባቢ/ከተማ

ቴሌፎን

ኢመይል

**ለ. ተነቃፊ ግላዊ ሓበሬታ**

እቶም ተነቀፍትን ግላዊ ሓበሬታታት ነዚ ንጥፈታት ንምስልሳል ኣገደስቲ እዮም፣ እዞም ሓበሬታታት ድማ ከም ናይ ጥዕና፣ ዝሓለፈ ታሪኽካ፣ ናይ ቤተሰብካ ዓሌት፣ ናይ ፋይናንስካ፣ መንበሪ ፍቃድካ ናይ ሕጋዊ ኣካላት ሓበሬታታት ዘጠቃልሉ እዮም። ነዚ ፎርም ብምፍራም፣ ኣብ ዝድለየሉ እዋንን ነቲ ዝድለ ማሕበራዊ ድጋፋት ብስርዓት ዝፈቅዶን እቲ ማሕበር Humanitas ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ንምስልሳል ነቶም ተነቀፍትን ግላዊ ሓበሬታታትካን ንኽጥቀመሎም ትሰማማዕ ኣለኻ ማለት እዩ፤

- ንመንበሪ ገዛ ዝምልከት ድጋፋት
- ንኣታውን ዕዳታትን ዝምልከት ሓገዛት
- ንናይ ኣባልነትን ናይ ኢምሹራንስ ፖሊሲታት ዝምልከት ድጋፍ
- ንቋንቋ፣ ትምህርትን ስራሕን ዝምልከቱ ደገፋት
- ንናይ ተሳትፎ ምፍቃድ መስርሓት ዝምልከት ድጋፍ
- ምስ ወለንተኛታት (ኣሰልጣኒ) ምርኻብ ወይ ናብ ካልኦት ማሕበራት ምልኣኽ

እቲ ኩሉ ንጥቀመሎም ሓበሬታታት በቲ ዘሎ ናይ ማሕበር Humanitas ናይ ግላውነት ስምምዕ መሰረት ብሚስጢር ኣብ ጥቅሚ ክውዕሉ እዮም። ንስኻ ድማ ነዞም ሓበሬታታት ክትምርምሮም መሰልካ እዩ።

**ሐ. ምክፋል ግላዊ ሓበሬታታት ምስ ዝምልከቶም ኣካላት**

ነቲ ስራሕና ብደንቢ ከነሰላስል ክሕግዘና፣ ሓደሓደ እዋን ምስቶም ተመሳሳሊ ዕላማ ዘለዎም ካልኦት ኣካላት ሓበሬታታት ክንለዋወጥ ኢና። ኣብ ግልባጥ እዚ ፎርም እዚ ብዛዕባ እዞም ኣካላትን እዚ ስምምዕ ፍሮም ዝምልከት ሓበሬታ ክተንብብ ትኽእል።  ነዚ ፎርም ብምፍራም ድማ እቲ ማሕበር Humanitas ነቲ ግላዊ ሓበሬታኻ ምስዞም ኣካላት ክካፍሎም ትሰማማዕ ኣለኻ ማለት እዩ።

እሰማማዕን ዝተፈረመሉ ዕለት፡

ስም

ፊርማ

**ካብ Humanitas ዝወሃብ 'ማሕበራዊ ድጋፍ'**

እዚ ማሕበር Humanitas ሃገራዊ ናይ ወለንተኛ ማሕበር እዩ። እቶም ወለንተኛታትና ነቶም ካብ ናይ ኢምግሬሽን መዕቆቢ ማእከል ናብ ከተማ Groningen (ኽሮኒገር) ክነብሩ ዝመጹ መንበሪ ፍቃድ ዝተዋህቦም ሰባት ናይ ማሕበራዊ ድጋፍ የቕርቡ።
እቲ ዕላማ ድማ ነቲ ናይ መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህበ ሰብ ኣብ ከተማ Groningen (ኽሮኒገር) ክነብር፣ ክወሃሃድን ብዝቀልጠፈ ክሳተፍን ንምግባር ኢዩ። እቶም ወለንተኛታት መንበሪ ገዛ ኣብ ምርካብ ከምእውን ንበነፊታት ምምልካት ክሕግዙኻ ይኽእሉ፣ ከምውን ኣብቲ ሓድሽ ማሕበረኮም ክትወሃሃድ ይሕግዙኻ።
እቲ ኩሉ ካብ Humanitas ትረኽቦም ድጋፋት 'ማሕበራዊ ድጋፍ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ዘድለየካ ማሕበራዊ ድጋፍ ንምርካብን ነቲ ዝምልከቶ ወለንተኛ ንምልላይ ግላዊ ሓበሬታኻ ከድልየና እዩ። እዚ ዝስዕብ እቲ ግላዊ ሓበሬታ ዝበሃል እንታይ ከምዝኾነ የብርህ።

**ግላዊ ሓበሬታን ተነቃፊ ግላዊ ሓበሬታን**
ግላዊ ሓበሬታ ዝበሃል ከም ናይ ስምካ፣ ኣድራሻኻ ከምእውን ዕለተ ልደትካ ዘጠቓልል ሓበሬታኻ እዩ። እድማዒ ዝኾነ ሓገዝ ከነቕርበልካ ክሕግዘና፣ ነቲ ናይ ግላዊ ሓበሬታኻ ክንጥቀመሉን ኣብቲ ናይ ምዝገባ ዲጂታላዊ ሲስተምና ከነቀምጦ ብጽሑፍ ፍቃድ ክትህበና ንሓትት።
ብተወሳኺ ነዚ ድማ፣ እቲ 'ተነቃፊ ናይ ግሊ ሓበሬታ' ዝበሃል ኣሎ።
እዚ ሓበሬታ ድማ፣ ናይቲ ሰብ ዓሌት ወይ መቦቆል ዘርኡ፣ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ፣ ሃይማኖት ወይ ግላዊ እምነት፣ ኣባልነት ማሕበር ሰራሕተኛታትንመለለዩ ዕላማ ዝግበር ናይ ጄነቲካዊ ወይ ባዮሜትሪካዊ ዳታ፣ ጥዕና፣ ጾታዊ ህይወት፣ ከምእውን መዝገብ ገበን ዘጠቃልል እዩ። ነዞም ሓበሬታታ ድማ ምስ ተሰማማዕ ጥራሕ ኣብ መዝገብ ንሕዞም፣ ከምእውን ነቲ ዝሰማማዓካ ናይ ማሕበራዊ ድጋፍ ንምቕራብ እዚ ድማ ከም ናይ መንበሪ ገዛ ወይ እቲ ዝምልከቶ ወለንተኛ ንምርካብ ንጥቀመሉ።

**ምስ ናይ ወጻኢ ኣካላት ዝግበር ምትሕብባራት**
እቲ ዝድለ ናይ ማሕበራዊ ደገፍ ንምቕራብ፣ ምስ ዝተፈላለያ ማሕበራት ወይ ካምፓኒታት ክንሰርሕ ንግደድ ኢና። ገለ ካብዞም ኣካላት ድማ ከም COA፣ ምምሕዳር ከተማ Groningen (ኽሮኒገር)፣ ጉጅለ WIJ፣ Woningnet ን Woningbouwverenigingen (ማሕበር ኣባይቲ) ክጥቀስ ይከኣል። ከምእውን ነቶም ኣለይቲ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ዝኾነ ስደተኛታት ዝምልከት ድማ ምስ Stichting Nidos ብሓባት ንሰርሕ ኢና። ብተወሳኺ ሓዳሓደ እዋን ነቲ ነቅርቦ ማሕበራዊ ድጋፍ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፣ ምስ ካልኦት ኣካላት ንራኸብ ኢና።
ነቲ ብማሕበር Humanitas ክቀርብ ዘይክእል ማሕበራዊ ድጋፍ ኣብ ዝህልወሉ እዋን፣ ናብተን ክሕግዛኻ ዝኽእላ ማሕበራት ክንሰደካ ንኽእል ኢና። እዚ ኣብ ዘጋጥመሉ ድማ፣ ነቲ ትኸደሉ ዘለኻ ምኽንያት ዝምልከት ግላዊ ሓበሬታኻ ጥራሕ ከነካፍሎም ኢና።

**ናይ ግላውነት ሕጋዊ መሰርሕ**
ማሕበር Humanitas ነቲ ዝእከቦ ግላዊ ሓበሬታ ብጥንቃቀ ይሕዞን በቲ ሕጊ ዝፈቕዶ መሰረት ድማ ይጥቀመሉ፣ እዚ ድማ ነቲ ሓፈሻዊ ሕጊ ምክልኻል ሓበሬታ (GDPR) ዘጠቃልል እዩ። ኩሎም ናይ ማሕበር Humanitas ወለንተኛታትን በዓል ሞያታትን ነቲ ዝተኣከበ ግላዊ ሓበሬታ ብሚስጢር ክጥቀምሉ ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎም። ነቲ ሒዝናዮ ዘለና ግላዊ ሓበሬታኻ ኣብ ዝኾነ እዋን ክትርእዮ ወይ ክትልውጦ ወይ ድማ እንተደሊኻ ከምዝስረዝ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ጉዳይ ዝምልከት ዝኾነ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኻ ወይ ድማ ማሕበር Humanitas ነቲ ኣጠቓቅማ ግላዊ ሓበሬታኻ ዝምልከት ደስ ዘይብለካ ነገር እንተሃልዩ፣ ብኽብረትካ ተወከሰና ወይ ድማ ነቲ ናይ ግላውነት ስምምዕና ክተንብቦ ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ ናይ ዘለካ መሰልን ጥርዓን ብኸመይ ከምተቕርብ ሓበሬታ የቕርብ።